# ፖለቲካዊ ውሳኔታት መበል 13 ስሩዕ ጉባኤ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ

"ህዝባውነትና መሰረት ጽንዓትናን ዓወትናን" ብዝብል መሪሕ ሓሳብን "ጉባኤ ጽንዓትን ሓድነትን ንህዳሴና" ብዝብል ስያመን ካብ 16 ክሳብ 21 መስከረም 2011 ዓ.ም ዝተኻየደ መበል 13 ስሩዕ ጉባኤ ህወሓት 346 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 1150 ተሳተፍቲ ብድምጺ፣ 45 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከባኦም 146 ተሳተፍቲ ድማ ብዘይድምጺ ከምኡ 'ውን 346 ተዓዘብቲ ብድምሩ 1842 ጉባኤተኛታት ዝተሳተፍሉ ኮይኑ ብዓወት ተዛዚሙ ኣሎ። ጉባኤ ጸብጻብ ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ተመያይጡ ብምጽዳቕን ሓሙሽተ ኣባላት ፕሬዝድየም ብምምራጽን ስሩዕ ስርሑ ዝጀመረ ኮይኑ፡ ጸብጻብ ማእኸላይ ኮሚቴ፣ ኣብ ሕሉፍ 27 ዓመታት ዝተመዝገቡ ኣንጸባረቕቲ ዓወታት፡ ጸብጻብ ማእኸላይ ቁጽጽር ኮሚሽን፣ ምምሕያሽ ሕገ-ህንጻን መረጻ ማእኸላይ ኮሚቴን ብኣጀንዳ ኣጽዲቑ 'ዩ ናብ ዝርዝር ምይይጥ ኣትዩ።

ድሕሪ ሰፊሕ ዴሞክራሲያዊ ክትዕ ዓለማዊ፣ ከባብያዊ፣ ሃገራዊ ክልላዊ ፖለቲካውን ቁጠባውን ኩነታት ንሃገርናን ክልልናን ብዘለዎ ትርጉም ብዝግባእ ዝገምገመን ድሕሪ ሰፊሕ ምይይጥ ኣብቶም ዝተልዓሉ ዛዕባታት ዝሓሸ ምርድዳእ ዝተፈጥረሉን መበል 13 ጉባኤ ህወሓት ኣብ ድሕሪ ዳግም ብዕምቆት ምሕዳስ ዝተኻየደን ኣብ መንጎ ጉባኤተኛ ዝሓሸ ናይ ኣተሓሳስባ ሓድነት ዝተፈጥረሉን ኮይኑ ብዓወት ተዛዚሙ ኣሎ።

መበል 13 ስሩዕ ጉባኤ ህወሓት ንውድብ ዳግም ብምጥንኻር ጠለብን ጻምእን ልምዓት፣ ደሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ህዝቢ ትግራይ ብዝግባእ ንምርዋይ ዘኽእሉ ውሳነታት ዝተመሓላለፍሉ፣ ነዞም ውሳኔታት ብዝሓሸ ብቕዓት ከፈጽሙ ዝኽእሉ ኣመራርሓ ዝተመረጽሉን ቀጸልቲ ኣንፈታት ዝተነጸርሉን ታሪኻዊ ጉባኤ እዩ። ተሳተፍቲ መበል 13 ስሩዕ ጉባኤ ህወሓት ኣብ ዝቐረቡ ኣጀንዳታት ብስፍሓት ብምምይያጥን ኣብ ሕድሕድ ኣጀንዳ ናይ ሓባር ኣረዳድኣ ብምጭባጥ ከምኡ ድማ ቀጸልቲ ኣንፈታት ብምንጻርን ዝስዕቡ ውሳኔታትን መርገጺታትን ብምሓዝ ተዛዚሙ ኣሎ።

1. ስርዓት ወያናይ ደሞክራሲ ምስ ኒዮ-ሊበራልዝም ምትሕብባር ኣብዘኽእልዎ ኣጀንዳታት እናተደጋገፈ ኣፈላላይ ኣብዘለዎ ድማ ብጽንዓትን ብብስለትን እናተቓለሰ ኣብ ግንባራት ፖለቲካ፣ ቁጠባ፣ ማሕበራውን ዲፕሎማስያውን ማሕበረሰብ ዓለም ዝመስከረሎም ለውጥታት ምምዝጋብ ዝኽኣለ ትኽክለኛን ዕዉትን መስመር 'ዩ።

1.1. ኣብዚ ሕዚ እዋን ዓለም ካብ ሓደ ልዕለ ሓያል ሃገር ናብ ብዙሓት ኣማራጺ ኣተሓሳስባታትን ናይ ልምዓት ኣማራጽታትን ማእከል እናተሰጋገረት ብምዃና ንስርዓት ወያናይ ደሞክራሲ ዝሓሸን ዝበለጸን ዕድላት እናተኸፈተሉ እምበር ዕድላቱ እናጸበቡን እናተዓጸውን ከምዘይኮነ ጉባኤና ገምጊሙ። ኣብዚ እዋን ዘድሊ ቁልፊ ጉዳይ እቶም ዝተኸፍቱ ዕድላት ብዝግባእ ብምጥቃም ዝሓሸ ለውጢ ብምምጻእ ረብሓ ህዝቢ ብዝበለጸ ዘረጋግጽን ፈተናታት ኣቓዲሙ እናርኣየን እናኣመተን መፍትሒታት ዘቐምጥን፣ ንዝቐመጡ መፍትሕታት ድማ ብልዑል ዲስፕልን ዘተግብርን ብቕዓት ዘለዎ ኣመራርሓ ብምዃኑ ህወሓት ንብቕዓትን ጽሬትን ኣመራርሓ ልዑል ቆላሕታ ሂቡ ክሰርሕ እዩ።

2. ስርዓት ወያናይ ዴሞክራሲ ብሓደጋ ጽግዕተኛ ምብስባስ ኣብ ከቢድ ፈተና ጥሒሉ ይርከብ። ህወሓት ነዚ ሓደጋ ዝተቓልዐ መስመር ንምድሓን፣ ሕገ መንግስታዊ ፌደራላዊ ስርዓትና ንምክልኻልን ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋጽን ምስ ኩሎም ደሞክራሲያውያን ሓይልታት ብምዃን ካብኡ ዝድለ ዘበለ ኩሉ ዓይነት ኣስተዋጽኦ ክገብር እዩ።

3. ዳግማይ ብዕምቆት ምሕዳስ ውድብና በቲ ሓደ ገጽ ካብ ህዝቢ ዝተልዓለ ሓያል ድፍኢት ልምዓት፣ ደሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን በቲ ካልእ መዳይ ድማ ህወሓት ካብ ዘለዎ ህዝባዊ ባህሪኡ ዝነቐለ ከም ውድብ ጠለብን ባህግን ህዝቢ ኣብ ምምላእ ጸገማት ይፍጠሩ ኣለዉ ዝብሉ ዛዕባታት ብስፍሓት እናተልዓሉ ብምምጻኦም ተሃድሶ ህወሓት ክውላዕ ክኢሉ 'ዩ።

3.1 እዚ ተሃድሶ ብመሰረቱ ጸገም ዝወለዶን ካብ ጸገም ንምውጻእ ብምሕሳብ ዝኣተናዮን ኮይኑ ህወሓት ንጸገማቱ ብዕምቆት ብምርኣዩን ነፍስ ወከፍ ጸገም 'ውን ብዓል ቤት ክህልዎ ብምስርሑን ብኹሉ ዓይነት መለክዒ ክምዘን እንከሎ ዕዉት ከምዝነበረ ተገምጊሙ እዩ። ኣብ እዋን ተሃድሶ ዝነበረ ስትራቴጂያዊ ግጥም ኣብ ሞንጎ ወያናይ ደሞክራስን ጽግዕተኛ ምብስባስን ከምዝኾነ ተሳተፍቲ እዚ ጉባኤ ብዝግባእ ዝተኣማመንሉ ቁም-ነገር ኮይኑ ብዓወት ወያናይ ደሞክራሲ ዝተዛዘመ ምዃኑ ድማ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ 'ዩ።

3.2 በዚ ተሃድሶ ዝተረጋገጹ መሰረታዊ ዓወታት

1. ኣብ ውሽጢ ህወሓት ልዕልነት ወያናይ ደሞክራሲያዊ ኣተሓሳስባ ምርግጋጹ

2. ኣብ መሪሕነት ህወሓት ናይ ኣተሓሳስባ ሓድነት ምጥንኻሩ

3. ልዕሊ ዝኾነ ይኹን እዋን ድማ ተስፋን ሓድነትን ህዝቢ ትግራይ ዘጠናኸረ ተሃድሶ ብምዃኑ ተሃድሶ ህወሓት ዕውት ነይሩ።

3.3 ተሃድሶ ህወሓት ብኣተሓሳስባ ደረጃ ምርድዳእ ዝተበጽሐሉን ናይ ኣተሓሳስበ ሓድነት ዝተፈጠረሉን ይኹን እምበር ናይ ህዝቢ ሕቶ ኣብ ምምላስ ማለት ኣብ መደባት ልምዓት፣ ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ርኡይ ለውጢ ኣብ ምምጻእን ግን ቀጻሊ ርብርብ ዝሓትት ፈታኒ ውራይ 'ዩ።

4. ከም ውድብ ካብ ጸረ-ዴሞክራሲ ንምውጻእን ኣብዚ መዳይ ንድሕሪት ንዘይምምላስ ውሳነ ዝዓረፈሉ ጉዳይ ምዃኑን ድሕሪ ተሃድሶ 'ውን ብዙሕ ምምሕያሽ ዝተርኣየሉን ኮይኑ ሕጂ 'ውን ብርክት ዝበሉ ዘይተሰገሩ ጸገማት ስለዘለው ቀጻሊ ቃልሲ ዝሓትት ዕማም ምዃኑ ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ተበጺሑ ኣሎ።

5. ኣብ ቀጻሊ ኣንፈታት 'ውን ሰፊሕ ምይይጥ ተገይሩ እቶም ዝተቐመጡ ኣንፈታት ብምትግባር ኣብ ትግራይ ርኡይ ለውጢ ምርግጋጽ ከምዝክኣልን ኣብ መስርሕ ኣፈጻጽማ ድማ በብደረጃኡ ዘሎ ኣመራርሓ፣ ኣባልን ህዝብን ብዝተወደበ መልክዑ ርብርብ ክገብሩ ከምዝግበኦም ሓበራዊ ኣረዳድኣ ተታሒዙ ኣሎ። ህወሓት ሕልፊ ሰራሑ ንህዝቡ ንምኽሓስ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን እዋን ድሉው ከምዝኾነ ድማ ኣብዚ ጉባኤ ዳግም ኣረጋጊጹ ኣሎ።

5.1. ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ጨናፍራት ትራንስፎርሜሽን ንምርግጋጽ ፍሉይ ርብርብ ክግበር እዩ።

5.2. ኣብ ትግራይ መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ንወፍሪ ምቹው ዝኾነ ኩነታት ንምፍጣር ብፍሉይ ትኹረት ክስራሕ 'ዩ። ንወፍሪ ዘዐንቅፉ ኣሰራርሓታትን ድሑራት ዝንባለታትን ብምእላይ ሰብ ሃብቲ ብዝሓሸ ኩነታት ኣብ ትግራይ ዝዋፈርሉ ዕድል ንምፍጣር ዝተጀመረ ስራሕ ንምጥንኻርን ኣብዚ መዳይ ዝሓሸ ዓወት ንምምዝጋብን ልዑል ርብርብ ክግበር እዩ።

5.3. ናይ ኣመራርሓ ምትኽኻእ ሕጂ 'ውን ተጠናኺሩ ዝቕጽል ኮይኑ ምሁራት፡ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ብስፍሓት ንምስታፍ ፍሉይ ትኹረት ተዋሂቡዎ ክስራሕ እዩ።

5.4. ኣወፋፍራን ኣመዳድባን ኣመራርሓ ዝምልከት ድማ ንትግራይ ቀዳምነት ዝህብ ኣወፋፍራን ኣመዳድባን ተጠናኺሩ ክቕጽል እዩ። ፍሉይ ቆላሕታን ትኹረትን ንትግራይ ብምሃብ ንህዝቢ ትግራይ ብልምዓት፣ ደሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ንምዕሓስ ቀጻልነት ዘለዎ ርብርብ ክግበር እዩ።

5.5 ትግራይ ከምብሓድሽ ብምውዳብ ዝልዓለ ለውጢ ንምርግጋጽ ልዑል ትኹረት ተዋሂብዎ ዝፍጽም መደብ እዩ። ከባቢታትን ትካላትን ትግራይ ከምብሓድሽ ንምውዳብ ዘኽእል ዝርዝር መጽናዕቲ ብምክያድ ከባቢታት ብዘለወን ሃብተ ገነት፤ ትካላት ድማ ዝበለጸ ውጽኢታውያን ዝኾናሉ ኣገባብ ዳግም ክውደባ እየን። ኣብዚ መስርሕ ዳግም ውዳበ ኮሪደራት ልምዓት ምዕራብ፣ መቐለን ራያን ፍሉይ ጠመተ ክውሃቦም 'ዩ።

5.6. ኣብ ስራሓት ውድብን መንግስትን ዝርኣዩ ምትሕውዋሳት መልክዕ ንምትሓዝ ክስራሕ 'ዩ።

5.7 ኣብ ውሽጢ ውድብን መሓውር መንግስትን ደሞክራሲ ብምስፋሕን ብምዕሟቕን ህዝቢ ብዝበለጸ ዝሳተፈሉን ዝርብሓሉን ኩነታት ንምፍጣር ብቐጻልነት ክስራሕ 'ዩ። እዚ መሰረት ብምግባር ኣብያተ ምኽሪ፣ ማዕከናት ዜና ውዳበታት ሓፋሽን ናጽነተን ሓልየን ኣብ ምዕሟቕ ደሞክራሲ ክዋስኣ ፍሉይ ትኹረት ሂብና ክንሰርሕ ኢና።

5.8 ተሳትፎን ተጠቃምነትን መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ናብ ዝሓሸ ደረጃ ንምስግጋር ፍሉይ ጠመተ ተዋሂብዎ ክስራሕ 'ዩ።

6. ርክብ ኢትዮ ኤርትራ ናብ ንቡር ቦትኡ ንምምላስ ዝተጀመሩ ስራሓት ተጠናኺሮም ክቕጽሉ 'ዮም።

6.1 ሰላም ኢትዮ-ኤርትራ ናብ ንቡር ቦትኡ ብምምላስ መሰረታዊ ረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት ንምርግጋጽ ብዙሕ ርሕቐት ምኻድ ከምዘድልን ብዙሕ ብልሕን ጥንቃቐን ዝሓትት ተግባር ከምዝኾነን ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ብዝግባእ ይርድኡ 'ዮም።

6.2 ሰላም ንምርግጋጽ ዝጠቕሙ መንገድታት ብሙሉኦም ብምትግባር ሕውነትን ምሕዝነትን ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ናብ ንቡር ቦትኡ ንምምላስ ካባና ዝድለ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ልዑል ሓላፍነት ወሲድና ክንዓምም ኢና።

6.3 ኣብዚ ከይዲ ህዝቢ ትግራይን መሪሕ ውድቡ ህወሓትን መስርሕ ሰላም ካብ ዘተዓናቕፉ ተግባራት ፍጹም ነጻ ኮይኖም ንክንቀሳቐሱ ሙሉእ ሓላፍነት ወሲዶም ክሰርሑ 'ዮም።

6.4 ዝተጀመረ ርክባት ህዝቢ ንህዝቢ ዝያዳ ብምጥንኻር ቁጠባዊ ርክባት ንምፍጣርን ረብሓ ናይ ክልቲኡ ህዝቢ ንምርግጋጽን ህወሓት ኣበርቲዑ ክሰርሕ 'ዩ።

7. ህወሓት ሕገ መንግስታዊ ፌደራላዊ ስርዓት ሃገርና ኣኽቢሮም ብሰላማውን ሕጋውን መንገዲ ምስ ዝቃለሱ ፖለቲካዊ ውድባት ተቐራሪቡ ክሰርሕ እዩ።

8. ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈላለዩ በደላትን ጠቕንታትን እናተፈጸሙዎን ብርክት ዝብሉ ሕቶታት ልምዓት፣ ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን እናሃለዉዎን 'ውን ብሓደ ወገን ኣብ ነዊሕ መዋእል ታሪኹ ብዘወንኖ ዘኹርዕ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ብስለትን፣ በቲ ካልእ መዳይ ድማ ኣብ ውድቡ ህወሓት ብዘለዎ እምነትን ተስፋን ንዝርኣዮ ንምእማኑ ዘጸግም ፍጹም ዓቕልን ልቦናን ህወሓት ዘለዎ ልዑል ክብሪን ናእዳን ይገልጽ።

9. ኢህወደግን ኣሓት ውድባትን ካብ ሓደጋ ጽግዕተኛ ምብስባስ ንምድሓን ዝገብርዎ ቃልሲ ብምጥንኻር ልዕልነት ወያናይ ደሞክራሲ ንምርግጋጽ በርቲዖም ክሰርሑ ይግባእ። ልዕልነት ወያናይ ደሞክራሲ ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ርብርብ ህወሓት ካብኡ ዘድሊ ኩሉ ዓይነት ቃልሲ ንምክያድ ድልዊ ምዃኑ 'ውን የረጋግጽ።

10. ኣብ መወዳእታ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሃገርና ልዕልነት ሕገ መንግስታዊ ፌዴራላዊ ስርዓትና ከይሸራረፍ ብጽንዓት ጠጠው ንክብሉን ልዕልነት ሕጊ ኣብ ሓደጋ ዘእትዉ ኣጋጣምታት ኣብ ዝፍጠርሉ ኣጋጣሚ ድማ ብጽንዓት ንክቃለሱን ህወሓት ጻውዒቱ እናቕረበ ልዕልነት ሕጊ ንምኽባር ኣብ ዘካይዱዎ ቃልሲ ህወሓት ሙሉእ ደገፍ ከምዝገብር በዚ ኣጋጣሚ ከረጋግጽ ይደሊ።

21 መስከረም 2011 ዓ.ም

መቐለ

<u>መዘኻኸሪ፡-</u>

ካብ ብእዝኒ ጽሮት ዝርከብ ዘይጽፉፍ ሓበሬታን በላቤሎን ብምድሓን፡ ንጉዳይና ጉዳይ ኤርትራ ዝምልከት መን እንታይ ይብል ብሰነድ ብዝተደገፈ መርገጹ ምፍላጥ ሓጋዚ'ዩ ካብ ዝብል፡ ርዝነት እዚ ሰነድ ድማ ብኽብደት ብምርኣይን ገለ ኣብ ኤርትራ ልሙዳት ዘይኮኑ ፊደላት ብምትዕርራይ እነሆ ናብ ኤርትራውያን መርበብ ሓበሬታ ንፍንዎ ኣለና። ኣብ ፖለቲካ እምነት ሓደ ውድብ ወይ መንግስቲ ልዕሊ ወግዓውን ሕጋውን ሰነዳዊ መርገጽ ዝስራዕ መረጋገጺ ስለዘየለ ጭብጢ ኣብ ዘይብሉ ጥርጠራ ዝነብሩ ወገና ብዝያዳ ክሕገዝሉ ድማ ተስፋ ንገብር።

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 31-10-2018